ትምህርቲ

- ሐደን ብዙሕን ቑጽሪ፣
- ርሑቕን ቀረባን መደብ፣
- ተባዕታይን አንስታይን ጾታ

በቶም አብዝሐለፈ ትምህርትና ዘተምህርናዮም ተውላጣተ ስም ናይ ጠቕላላ ሰዋስው ግእዝ ሐደን ብዙሕን ቑጽሪ፣ ርሑቕን ቀረባን መደብ፣ተባዕታይን አንስታይን ጾታ ክንመሀርኢና።

፩.ሐደን ብዙሕን ቑጽሪ

ሐደ(singular)	ብዙሕ(plural)
አነ	ንሕነ
አንተ	አንትሙ
አንቲ	አንትን
ውእቱ	ውእቶሙ(እሙንቱ)
ይእቲ	ውእቶን(እማንቱ)

፪.ርሑቕን ቀረባን መደብ

ርሑቕ መደብ (third person)	ቀረባ መደብ(first and second person)
ውእቱ	አነ
ውእቶሙ(እሙንቱ)	ንሕነ
ይእቲ	አንተ
ውእቶን (እማንቱ)	አንትሙ
	አንቲ
	አንትን

፫.ተባዕታይና አንስታይ

ተባዕጣይ	አንስታይ
አነ	አነ
ንሕነ	ንሕነ
አንተ	አንቲ
አንትሙ	አንትን
ውእቱ	ይእቲ
ውእቶሙ(እሙንቱ)	ውእቶን(እማንቱ)

ኩሉ ዓረፍተ ነገር በዘም ቑጽርን፣መደብን፣ጾታን እዚኦም ይሥራሕ።በዚኦም ዘይንገር ዓረፍተ ነገር የለን።በዚ መሠረት'ዚ በቶም ቅድሚ ሕዚ ዘጽናዕናዮም ቃላት ዓረፍተ ነገር ክንሠርሕ ኢና።

ግሲ	ተውላጠ ስም	ተስሓቢ ስም	ትግራይ
መከርኩ	አነ	ደቂቀ	አነ ደቀይ መኺርኩ
መከርና	ንሕነ	ደቂቀ	ንሕና ደቅና መኺርና
መከርከ	አንተ	ደቂቀ	ንስኻ ደቅኻ መኺርካ
መከርክሙ	አንትሙ	ደቂቀ	ንስኻትኩም ደቅኹም መኺርኩም
መከርኪ	አንቲ	ደቂቀ	ንስኺ ደቅኺ መኺርኪ
መከርክን	አንትን	ደቂቀ	ንስካትክን ደቅኽን መኺርክን
መከረ	ውእቱ	ደቂቀ	ንሱ ደቂ መኺረ
መከሩ	ውእቶሙ	ደቂቀ	ንሳቶም ደቆም መኺሩ
መከረት	ይእቲ	ደቂቀ	ንሳ ደቃ መኺርት
መከራ	ውእቶን	ደቂቀ	ንሰን ደቀን መኺራ

አብነት

ምልማድ

- ነዚ ዓረፍተ ነገር'ዚ ቢሐደን ብዙሕን ቊጽሪ፣ቢቀረባን ርሑቕን መደብ፣ቢተባዕታይን አንስታይን ጾታ ንመድብ።
- "ፈትሐ" ብዝብል ግሲ በቶም ተውላጠተ ስም ዓረፍተ ነገር ምሥራሕ ንለማመድ

ሠናይ ትምህርተ ግእዝ

ርሑስ ቅንያት

ጸልዩልና